

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Eidgenössisches Justiz- und Polizeidepartement EJPD
Département fédéral de justice et police DFJP
Dipartimento federale di giustizia e polizia DFGP
**Staatssekretariat für Migration SEM**
**Secrétariat d’Etat aux migrations SEM**
**Segreteria di Stato della migrazione SEM**

# ሕጽር ዝበለ ሓበሬታታት

**B** ሕቶ-ዑቕባኦም ተቀባለነት ዝረኸቡ ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት B

**F** ንግዜኡ ዑቅባ ዝተዋህቦም ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት F

**F** ንግዜኡ ከም ስደተኛ ዑቅባ ዝረኸቡ
— መንነት-ወረቐት F



# እንቋዕ ናብ ሃገር ስዊዘርላንድ ብሰላም መጻእኩም

ደረጃ-ኵነታት ሕቶ-ዑቕባኹም ከም'ቶም "ሕቶ-ዑቕባኦም ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት"፣ ወይ ከም'ቶም "ንግዜኡ ዑቅባ ዝተዋህቦም ስደተኛታት" ወይ ከኣ ከም'ቶም "ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ" ረኺቡ ኣሎ። ንደረጃ-ኩነታት ሕቶ-ዑቕባኹም ዘገልግሉ ፍሉይ ሕግታት ኣለዉ። ብዛዕባኡ ዝምልከት ከኣ፣ በዚ ጽሑፍ'ዚ ክንሕብረኩም ኢና።

ንስኻትኩም ካብ ሕጂ ንደሓር፣ ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ንነዊሕ-ግዜ ክትነብሩ ኢኹም። ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ኣብ እንትነብርሉ ግዜ ድማ ምስ ሕብረተ-ሰብ ስዊዘርላንድ ሰናይ ውህደት ክትገብሩ ትጽቢትና እዩ። ነዚ ከተማልኡ ግና ሓበሬታ ክህልወኩም ኣገዳሲ እዩ። ምስኡ ድማ ክትጽዕሩ ኣለኩም ስራሕ ክትረኽቡን፡ ትምህርትኹም ክትቅጽሉን።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ መሰረታዊ-ሓበሬታን፣ ከምኡ'ውን ኣድራሻታትን ተወሰኽቲ-ሓበሬታትን ክትረኽቡ ኢኹም።

ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ብዝቀልጠፈን፡ ብጽቡቅን ክትወሃሃዱ ተስፋና እዩ።

ክፍሊ-ጕዳያት ፍሉሳት (ስደተኛታት) SEM

**እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ www.sem.admin.ch ዝብል ገጽ፣ ብመልክዕ ኤለክትሮኒካዊ-ሓበሬታ በዞም ስዒቦም ዘለዉ ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ። ጀርመን፣ ፈረንሳይ፣ ኢጣልያ፣ እንግሊሽ፣ ዓረብ፣ ትግርኛ፣ ኩርዲስታን፣ ቲበት፣ ፋርስ፣ ታሚል፣ ሶማልያ፣ ከምኡ'ውን ሰርብያ/ክሮኣስያ/ቦስንያን**

**www.sem.admin.ch**



# ሕቶ-ዑቕባኦም ተቐባለነት ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት B

B

ሓደ ሰብ ከም ስደተኛ ዝውሰድ፣ ኣብ ገዛእ ሃገሩ፣ ወይ ከኣ ኣብ'ታ ንመወድእታ ዝነብረላ ዝነበረ ሃገር፣ ብምኽንያት ዓሌቱ፣ ወገኑ፤ ሃይማኖታዊ-እምነቱ፤ ዜግነቱ፤ ወይ ከኣ ብምኽንያት መበቆላዊ-ብሔሩ፣ ወይ ብምኽንያት ፖለቲካዊ ኣረኣእይኡ እንተድኣ ብርኡይ ጉድኣታት ኣጋጢምዎ፤ ወይ ኣብ ኣጸጋሚ ኵነታት ንከይወድቕ፣ መርትዖ ዘለዎ ፍርሒ እንተድኣ ዝተጋለጸ ኮይኑ እዩ። እዚ ትርጉም'ዚ ኣብ ናይ ጀነቭ ናይ ስደተኛታት-ውዕል ዝተመስረተ እዩ።ከም ከቢድ-ጉድኣታትን ዕንቅፋትን ዝቖጸር ከኣ፣ እንተድኣ ብፍላይ ኣካላዊ-መጉዳእቲ፣ ህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእተወ ነገራት፣ ነጻነት ዝግህስ፣ ክትጻወሮ ዘይትኽእል ስነኣእምሮኣዊ ጸቕጥታትን ዘስዕብ ስጉምቲ ተወሲዱካ እዩ። ደቂ-ኣንስትዮ ፍልይ ዝኾነ ምኽንያት ስደት ክህልወን ስለዝኽእል፣ እዚ ድማ ኣብ ግምት ዝኣተወ እዩ።

ብተወሳኺ ናይ ሰደተኛታት ዉዕል ዝኾነ ሰብ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓደገታት ዝተቃለዐ ወይ ከምኡ ጸገማት ዘጎነፎ፡ ናብ'ዚ ሓደገታት'ዚ ዘስዓበትሉ ሃገር ንከይምለስ ይኽልክል።

## መሰረታዊ ሕጊ

**እቲ ሕጋዊ-ኵነታት ናይ ስደተኛታት ብመሰረት ሕጊ-ዑቕባ (ዓንቀጽ 58–62 AsylG) ይቕየድ። እቲ እዋናዊ ዝኾነ ጽሑፍ ንሕጊ-ዑቕባ ዝምልከት ኣብ'ዚ ስዒቡ ዘሎ ኣድራሻ-ኢንተርነት ብምጥዋቕ ክረአ ይከኣል። www.admin.ch/ch/d/sr/c142_31.html**

## ናይ ወጻእተኛታት መንነት-ወረቐት

**ሕቶ-ዑቕባኦም ተቀባልነት ዝረኸቡ ሰደተኛታት B ዝበሃል ናይ ወጻእተኛታት መንነት-ወረቐት ይወሃቦም።. እዚ መንነት-ወረቐት ንሓደ ዓመት ዘገልግል ኮይኑ፣ እንተኮነ ግን ክናዋሕ ይከኣል እዩ። እንተዳኣ ኣገዳስቲ ምኽንያታት ኣብ ባይታ ኣለዉ ኮይኖም፡ እቲ ናይ መንነት-ወረቐት ምንዋሕ ክንጸግ ይከኣል እዩ፣ ንኣብነት፡- እቲ ሰብ ንውሽጣውን ግዳማውን ጸጥታ ናይ ሃገር-ስዊዘርላንድ ዘስግእ ኮይኑ። ድሕሪ 10 ዓመት ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ምንባር፣ ደረት-ኣልቦ መንበሪ-ፍቓድ (መንነት-ወረቐት C) ክወሃቦ ይከኣል እዩ። እንተድኣ ዕዉት ዝኾነ ምስ ሕብረተ-ሰብ ምውህሃድ ፈጢሩ፣ ድሕሪ 5 ዓመት ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ምቕማጡ፣ ነቲ ደረት-ኣልቦ መንበሪ-ፍቓድ ክሓትት ይከኣል እዩ።**

# ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት F

F

ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦ ዝበሃል ሰብ፡ ናይ ስደተኛ ከብሎ ዘኽእል ኩነት ወይ መኽንያት ዘማለአ እዩ። ስደተኛ ከብሎ ዘኽእል ኩነት ወይ ብምዉጻእ ካብ ሃገሩ ወይ ድማ ካብ ሃገሩ ምስ ተሰደ ብዘርእዮ ባህርያት ዝተበገሰ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ሓደ ሰብ ዋላ ስደተኛ ከብሎ ዘኽእለ ኩነት የማልእ እምበር፡ ብተነቃፊ ተግባራት ነዑቕባ ዘይብቁዕ ክኸዉን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት እቲ ሰብ ገበን ዝፈጸመ ወይ ከኣ ንዉሽጣዊ ወይ ድማ ግዳማዊ ጸጥታ ናይ ሃገረ ስዊዘርላንድ ዘሰግእ ወይ ከኣ ዝጎድእ ምስ ዝኸዉን እዩ። ከምዚኦም ሰባት እዚኦም ምሉእ ዑቕባ ኣይወሃቦምን እዩ።እንተኾነ ግን ኣብ ሃገረ ሰዊዘርላንድ ግዜያዊ ዑቕባ ይወሃቦም።

## መሰረታዊ ሕጊ

**ግዝያዊ ዑቕባ ዝረኸቡ ሰባት፡ ሕጋዊ መሰል ናይ ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ሰባት ብመሰረት ፌደረላዊ ሕጊ ንወጻእተኛታት ዝምልከት ይቅየድ (AuG Art. 83ff)። እቲ እዋናዊ ዝኾነ ጽሑፍ ናይ ፌደረላዊ ሕጊ ብዛዕባ ወጻእተኛታት ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክርከብ ይከኣል።**

**www.admin.ch/ch/d/sr/c142_20.html**

## ናይ ወጻእተኛታት መንነት-ወረቐት

**ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን F ዝበሃል መንነት-ወረቐት ይወሃቦም። እዚ እንተነወሐ ን 12 ኣዋርሕ ከምዘገልግል ተጌሩ ይዋህብ፡ እንተኾነ በተን ካንቶን ድሕሪ መርመራ ንቀጻሊ 12 ኣዋርሕ ክናዋሕ ይካኣል እዩ። ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ሰባት ድሕሪ 5 ዓመታት ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ምንባር፡ መንበሪ ፍቃድ (መንነት-ወረቐት B) ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።**
**ነዚ ሕቶ ንምምላስ እቶም መግስታዊ ትካላት ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣብ ግምት የእትዉ፡ እቲ ሰብ ምስ ሕብረተ ሰብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ዘርኣዮ ምዉህሃድ፡ ስድራቤታዊ ኩነታት ከምኡ ድማ ናብ መበቀላዊት ሃገሩ ናይ ምምላስ ዘሎ ተኽእሎ ።**

# ንግዚኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ — መንነት-ወረቐት F

F

ግዝያዊ ዑቅባ ዝረኸቡ ሰባት ዝበሃሉ እቶም ሕቶ ዑቅባኦም ዝተነጸገ፡ እንተኾነ ናብ መበቆልዊት ሃገሮም ናይ ምምላስ መስርሕ ኣብ ግብሪ ከውዕል ዘይከኣለ እዩ። እዚ ዝኸውን ድማ እዘን ዝስዕባ ስለስተ መኽንያታት ምስዘጋጥም እዩ። እቲ ናይ ምምላስ መስርሕ ክትግበር **ዘይከኣል ኮይኑ** (ንኣብነት እንተደኣ ፓስፖርት ወይ ናይ መጎዓዝያ ስነድ ዘየሎ ኮይኑ)፡ እቲ መስርሕ ናይ ምምላስ **ዘይፍቀድ ኮይኑ** (ንኣብነት ምምላስ ንዓለምለኻዊ ሕጊ ዝጥሕስ ኮይኑ) ወይ ድማ እቲ መስርሕ ናይ ምምላስ ዘይምቹእ **እንተደኣ ኮይኑ** (ንኣብነት እቲ ሰብ ኣዝዩ ሕሙም ምስ ዝኸዉን እሞ ኣብ ሃገሩ ብቑዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረክብ ተኽእሎ ምስ ዘይህልዎ)

## መሰረታዊ ሕጊ

**ግዝያዊ ዑቅባ ዝረኸቡ ሰባት፡ ሕጋዊ መሰል ናይ ንግዚኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ሰባት ብመሰረት ፈደረላዊ ሕጊ ንወጻእተኛታት ዝምልከት ይቅየድ (AuG Art. 83ff)። እቲ እዋናዊ ዝኾነ ጽሑፍ ናይ ፈደረላዊ ሕጊ ብዛዕባ ወጻእተኛታት ኣብዚ ስዒቡ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክርከብ ይከኣል።**
**www.admin.ch/ch/d/sr/c142_20.html**

## ናይ ወጻእተኛታት መንነት-ወረቐት

**ንግዚኡ ዑቅባ ዝረኸቡ F ዝበሃል መንነት-ወረቐት ይወሃቦም። እዚ ን 12 ኣዋርሕ የገልግል። እዚ በተን ዝተመደቡለን ካንቶን ድሕሪ መርመራ ንቀጻሊ ን 12 ኣዋርሕ ክናዋሕ ይከኣል እዩ። ንግዚኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ድሕሪ 5 ዓመታት ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ምንባር መንበሪ-ፍቃድ (መንነት-ወረቀት B) ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ሕቶ ንምምላስ እቶም መግስታዊ ትካላት ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣብ ግምት የእትዉ፡ እቲ ሰብ ምስ ሕብረተ ሰብ ሃገረ ስዊዘርላንድ ዘርኣዮ ምዉህሃድ፡ ስድራቤታዊ ኩነታቱ ከምኡ ድማ ናብ መበቀላዊት ሃገሩ ናይ ምምላስ ዘሎ ተኽእሎ ።**

# ሕጽር ዝበለ ሓበሬታታትን ሕግታትን

## ተርታ ዝርዝር

B ሕቶ-ዑቕባኦም ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት B

F ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት F

F ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ
— መንነት-ወረቐት F

## ምንባር / ምቕማጥ / ምስፋር

B F F

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፣ ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ስደተኛታት ወይ ከኣ ንግዜኡ ተቀባልነት ዝረኸቡ፣ ኣቐዲሞም ከም ሓተቲ-ዑቕባ ኣብ ሓደ ካንቶን ይምደቡ። እዞም ሰብ እዚኦም ዋላ'ዉን ድሕሪ ዉሳኔ ሕቶ ዑቅብኦም እንተኾነ ኣብ'ቲ ዝተመደብሉ ካንቶን ምንባር ይቅጽሉ። ኣብ ክልል ዝተመደብሉ-ካንቶን ቦታ ክቕይሩ ነጻ ምርጫ ኣለዎም። እቲ ኣድራሻ ናይ ዝነብርሉ ቦታ ግን ወትሩ ነቲ ዝምልከቶ ናይ ካንቶን ምምሕዳር ክሕብርዎም ይግባእ። እቲ ዝተወሃቦም መንነት-ወረቐት (ኣብ ላዕሊ ተመልከት)፣ ኣብ'ቲ ዝተመደብሉ ካንቶን ጥራይ እዩ ዘገልግል።

**ኣገዳሲ ሓበሬታታት ንተኻረይቲ-ኣባይቲ ብ 15 ቋንቋታት:**
**www.bwo.admin.ch/dokumentation/00106/00112/00121/index.html?lang=de**
**ተኻረይቲ-ማሕበር ስዊዘርላንድ:**
**www.mieterverband.ch**

## ካብ ሓደ ካንቶን ናብ ካልእ ካንቶን ምልዋጥ

B

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት በቲ ሓፈሻዊ ንወጻእተኛታት ዝምልከት ሕጊ ይቅየዱ። እዞም ሰባት እዚኦም ካብ ሓደ ካንቶን ናብ ካልእ ካንቶን ክቅይሩ ምስ ዝደልዩ ናብ ናይ ካንቶን ናይ ወጻእተኛታት ቤት ጽሕፈት ከይዶም ፍቃድ ክሓቱ ኣለዎም። እቲ ዝቀረበ መሕተት እዘን ዝስዕባ መኽንያታት ምስ ዘጋጥም ጥራይ እዩ ዝንጸግ። እቲ ፍቃድ ዝሓተተ ሰብ ስራሕ ኣልቦ ምስ ዝኸዉን ወይ ድማ ናይ ምስሓብ መኽንያት ቀሪቡ እንተሃልዩ።

---

F

ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ስደተኛታት ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ክቕይሩ መመልከቲ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ፍቃድ ዝሓተተ ሰብ እንተድኣ ስራሕ-ኣልቦ ኮይኑ፣ ወይከኣ ናይ ምስሓብ ወይ ምስራዝ ምኽንያት ቀሪቡ ኣሎ ኮይኑ፣ እቲ ዝቐረበ መመልከቲ ክንጽግ ይከኣል እዩ። እቲ እቲ ናይ ካንቶን ናይ ምቅያር መሕተት ብቐጥታ ናብ SEM ከቕርብዎ ግድን እዩ።



---

F

ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ካንቶን ክቅይሩ እንተደኣደልዮም መመልከቲ ከቅርቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ መመልከቲ ብቐጥታ ናብ SEM ከቕርብዎ ኣለዎም። SEM ነተን ዝምልከተን ካንቶናት ድሕሪ ምስማዕ፡ ብዛዕባ እቲ ዝቀረበ መመልከቲ ዉሳነ ይውስን። እቲ ዝቀረበ መመልከቲ እዘን ዝስዕባ መኽንያታት ምስ ዝህልዋ ጥራይ እዩ ተቀባልነት ዝረክብ። እንተደኣ ናይ ስድራ-ቤት ምተእኻኸብ መሰል ኣሎ ኮይኑ፡ ንሂወት ዘስግእ ኩነታት ኣሎ ወይ ድማ እተን ዝምልከተን ካንቶን ነቲ ምቅያር ተቀቢለነኦ።

# መገሻ ናብ ወጻኢ-ሃገር

B
F

ሕቶ ዑቕባኦም ተቀባልነት ዝረኸበ ስደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታትን ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ናይቲ ዝነብርሉ ካንቶን ከይዶም ናይ ስደተኛታት-ፓስፖርት ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። በዚ ፓስፖርት ጌሮም ናብ ወጻኢ ሃገር  ገይሾም ናብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ክምለሱ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ፓስፖርት ንምዉጻእ ግን ብኣካል ናብቲ ቤት-ጽሕፈት ክኸዱ ኣለዉ። እዚ ፓስፖርት እዚ ከኣ ብ SEM ይወሃብ፡ ንሓሙሽተ ዓመታት ድማ የገልግል።

> **ኣስተውዕል፦ ተቀባልነት ዝረኸበ ስደተኛ ወይ ግዝያዊ ዑቕባ ዝተዋህቦ ስደተኛ ናብ ሃገሩ እንተደኣ ገይሹ ወይ እንተደኣ ተመሊሱ፡ እቲ ናይ ስደተኛ መሰኡ ክስረዝ ወይ ክስሓብ ይከኣል እዩ።**

---

F

ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ናብ ወጻኢ ሃገር ብናጻ ክገሹ ኣይክእሉን እዮም። እቲ ናይ ሃገሮም ፓስፖርት ናይ ግድን ን SEM ክረክቡዎ ኣለዎም። ኣብ ዉሱን ኩነታት (ንኣብነት ከቢድ ሕማም ወይ ድማ ሞት ኣባል ስድራ-ቤት ምስ ዘጋድጥም) ናብ ቤት-ጽሕፈት ስደተኛታት ናይ ካንቶን ብምኻድ ናብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ክምልሶም ዝኽእል ናይ መገሻ ቪዛ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እቶም ናይ ሃገሮም ፓስፖርት ከምጽኡ ዘይክሉ ሰባት፡ ንወጻኢ ሃገር ከግሾም ዝኽል ንወጻእተኛታት ዝወሃብ ፓስፖርት ክወሃቦም ፍቃድ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዝወሃቦም ፓስፖርት ንዓሰርተ ኣዋርሕ የገልግል፡ በዚ ፓስፖርት ጌሮም ድማ ናብቲ ዝተፈቕደሎም መገሻ/ሃገር ጥራይ እዮም ክገሹ ዝኽእሉ።

# ስድራቤት ዳግም ምትእኽኻብ

B

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት ኣባላት-ስድራቤቶም (በዓልቲ-ቤቱ/በዓል-ቤታ፣ ሕጋዊ-መጻምድቲ/ሕጋዊት-ከምኡ ድማ ትሕቲ 18 ዝዕድመኦም ደቆም) ናብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ከምጽእዎም ይፍቀዶም እዩ። ፍሉይ ኩነታት እንተደኣ ዘይኣጋጢሙ እዞም ሰባት እዚኦም ከም ሰደተኛታት ተቀባልነት ይረኽቡ ከምኡ ድማ ዑቅባ ይወሃቦም። ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ዝተወልዱ ቆልዑ ናይ ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ብቕጽበት ናይ ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት ደረጃ  ኣይወሃቦምን እዮ። ስለ'ዚ እቲ ህጻን ምስ ተወልደ ብዝቀልጠፈ ግዜ ናብ SEM ብምኻድ ምልክታ ክቀርብ ኣለዎ። እዚ ምስዝማላእ ጥራይ እዩ እቲ ህጻን ተቀባልነት ከም ስደተኛ ክረክብ ዝኽእል።

---

F

F

ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ስደተኛታት ከምኡ ደማ ንግዜኡ ዑቅባ ዝተዋህቦም እንተቀልጠፈ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ካብቲ ግዝያዊ መንበሪ ፍቃድ ዝተዋህቦም፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ስደተኛታት ናይ ካንቶን ብምኻድ ምልክታ ናይ ስድራ-ቤቶም ዳግም ምትእኽኻብ ክቅርቡ ይኽእሉ እዮም። ናብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ በዓል-ቤትን ከምኡ ድማ ትሕተ ዕድመ ቆልዑ (ሓዳር ዘይገበሩ) ክመጹ ይኽእሉ እዮም። ነዚ ናይ ስድራ-ቤት ዳግም ምትእኽኻብ ንምምላእ፡ እዞም ዝስዕቡ ቅድመ ኩነት ክማልኡ ኣለዎም። እቶም ሰባት ንመጻኢ ብሓባር ክነብሩ ኣለዎም፡ እቲ ዝነብርሉ ገዛ እኹል ግፍሒ ክህልዎ ኣለዎ፡ ከምኡ ድማ እታ ስድራ ብቑጠባ ርእሳ ክትክእል ኣለዋ (ተጸባይነት ካብ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ክህሉ የብሉን)። ሓደ ሰብ ነዚ ናይ ስድራ -ቤት ዳግም ምትእኽኻብ ኣብ ዉሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ክመልክት ኣለዎ። ንቆልዑት ልዕሊ 12 ዓመት ዝዕድመኦም እቲ ምልክታ እንተደንጎየ ድሕሪ 12 ወርሒ ክቀርብ ኣለዎ።

## ምውህሃድ

ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላድ ንነዊሒ ግዜ ዝነብር ሰብ ብቅልጡፍን፡ ብቀጻልነት ዘለዎ ኣገባብን ክወሃሃድ ኣለዎ። ንሕና ስደተኛታት ባዕሎም ሓበሬታ ክእከቡን፡ ነቲ ናይ ከባቢኦም ቛንቛ ክመሃርዎ ጻዕሪ ከካይዱ፡ ኣብ ስራሕ ክዋፈሩን ከምኡ’ዉን ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ክሳተፉን ንጽበ ኢና። መንግስቲ ስዊዘርላንድ ነዚ ናይ ምዉህሃድ መስርሕ ብዝተፈላለወ ፕሮግራማትን ፕሮጀክትን ይድግፎን፡ ተወሳኺ ድማ ኩሉ ሰብ ነዚ ዕድል ብማዕረ ምእንቲ ክረክቦን ክካፈሎን ጻዕሪ የካይድ እዩ። እቲ ዕላማ መትከላት ፈደራላዊ ቅዋም ብኩሎም ክኽበርን፡ ከምኡ’ዉን ኩልና ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ተኸባቢርናን፡ ተጻዋዊርናን ብሰላም ሓቢርና ክንነብር እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ምውህሃድ-ፖለቲካ ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ፡-**
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/themen/integration.html**

## ደገፍ ወይ ምትብባዕ ንምውህዋድ

ምእንቲ ነቶም ተቀባልነት ዝረኸቡ ሰደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ ’ዉን ዑቅባ ዝተዋህቦምን ኣብ መስርሕ ምዉህሃድ ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ንምድጋፍ፡ ሓያሎ መንግስታዉያንን፡ ብሕታዉያን ማሕበራት ኮርስን ዝተፈላለየ ዕድላትን የቅርባ እየን። ስለ’ዚ ብዛዕባ እዚ ዕድላት ሓበሬታ ተወከስ፡ ከምኡ’ዉን ነቲ ዘሎ ዕድላት ትጠቀመሉ። እቲ ዘድሊ ሓበሬታታት ካብ ማእከላት ምዉህሃድ (Kompetenz-zentren Integration) ወይ ከኣ ካብ ናይ ካንቶን ናይ ምዉህሃድ ቤት-ጽሕፈት ክዉሰድ ይከኣል እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ ንምዉህሃድ ዝምልከት ደገፍ**
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/themen/integration/foerderung.html**

## ቤት-ትምህርቲ

B F

ደቂ ናይ እዞም ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፣ ከምኡ'ውን ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፣ ከም ኵሎም ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ቆልዑት ናብ ቤትትምህርቲ ክኸዱን ክመሃሩን ግድነት እዩ። እዞም ቆልዑት መዉዓሊ-ህጻናትን ክኸዱ ኣለዎም፡ ከምኡ'ዉን ትሽዓተ ዓመት ዝወስድ ግድነታዊ ትምህርቲ ክሳተፉ ኣለዎም። ብድሕሪኡ ምስ ዓቕሞም ዝሰማማዕ ዝኽእል ናይ ሞያ-ትምህርቲ ክዛዝሙ ይከኣል፣ ወይከኣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ይቐጽሉ፣ ቀጺሎም ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (ዩኒቨርስቲ) ክቕጽሉ ይኽእሉ።

---

F

ቆልዑት ናይ ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም መዉዓሊ-ህጻናት ክኸዱ ኣለዎም፡ ከምኡ'ዉን ትሽዓተ ዓመት ዝወስድ ግድነታዊ ትምህርቲ ክሳተፉ ኣለዎም። እቲ ናብ ሞያ -ትምህርቲ፡ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ዉን ናብ ላዕላዋይ ደረጃ ትምህርቲ (ዩኒቨርስቲ) ናይ ምእትዉ ዕድል ወይ መሰል ግን በተን ካንቶን እዩ ዝዉሰን።

**ተወሳኺ ሓበሬታታት ንትምህርትን ሞያዊ-ትምህርትን ዝምልከት፡-**
**www.ch.ch/private/00060/00062/index.html?lang=de**
**www.berufsbildung.ch**

## ተወሳኺ ትምህርቲ

B F F

ናይ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ካብ ሰራሕተኛታት ኣዝዩ ልዑል ፍልጠትን ክእለትን እዩ ዝጽበ። ከም ኣብነት ናይ ቋንቋ ምምላኽ ብቅዓቶም ወይ ደማ ሞያዊ ክእለቶም ኣዝዩ ላዕሊ ክኸዉን ኣለዎ። መብዛሕቲኡ ግዜ እቲ ናይ ወጻእተኛታት ሞያዊ ብቅዓት፡ ነቲ ኣብ'ዚ ዓዲ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ጠለባት ዘማልእ ወይ ምስኡ ዝወዳደር ኣይኮነን። ተወሳኺ ድማ እቲ ናይ ወጻኢ ናይ ትምህርቲ ዝወድእሉ ባጀላ መብዛሕቲኡ ግዜ ተቀባልነት ኣይረክብን እዩ። ስለ'ዚ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ወይ ከኣ ካልእ ሓገዛት፡ ነዞም ሰባት እዚኦም ኣፍደገ ናብ ናይ ስራሕ ዓለም ንክረኽቡ ክሕግዞም ይኽእል እዩ። ናብ ማእከል -ምዉህሃድን (Kompetenzzentren Integration) ወይ ድማ ናብ ናይ ካንቶን ናይ ምውህሃድ ብምኻድ፡ እቲ ዘድሊ ሓበሬታታትን ምኽርን ክዉሰድ ይከኣል እዩ።

**ኣድራሻታት ናይ'ቶም ናይ ሞያ-ኣማኸርቲ ቤትጽሕፈት ኣብ ካንቶናት፡-**
**www.kbsb.ch/dyn/19622.php**

# ስራሕ

B F F

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ ’ዉን ዑቕባ ዝተዋህቦምን፡ ስራሕ ንክጅምሩ ፍቃድ የድልዮም። እዚ ናይ ስራሕ ፍቃድ እዚ በቲ መጻኢ ወሃቢ ስራሕ ካብ’ቲ ዝምልከቶ ናይ ካንቶን ሰበ-ስልጣን ተመልኪቱ ክወጽእ ኣለዎ።

ናይ ስራሕ ፍቃድ ምስ ተዋህበካ ጥርይ እዩ፡ ስራሕ ክጅመር ዝከኣል። እተን መንግስታዉያን ትካላት ነዚ ናይ ስራሕ ፍቃድ ዝህባ እንተደኣ እቲ ናይ ዶሞዝን ናይ ስራሕ-ኩነታትን ምስ ዝሕሎ እዩ። በዚ ኣገባብ ድማ ንተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ ’ዉን ዑቕባ ዝተዋህቦምን፡ ከም ሰራሕተኛታት መሰሎም ክሕለወሎም፡ ተወሳኺ ድማ ካብ ካልኦት መሳርሕቶም ብዝወሓደ ዶሞዝ ንከይሰርሑ ንምክልኻል እዩ።

---

B F

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ ’ዉን ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታትን ኣብቲ ዝነብርሉ ካንቶን ንዝርከብ ናይ ስራሕ-ዕዳጋ ወይ ዕድላት ናጻ ኣፍደገ ኣለዎም። ብዘይ ካእ’ዚ ኣብ ኩሉ ናይ ቁጠባ ጨንፈራት ክዋፈሩ ይኽእሉ እዮም።

---

F

ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ሰባት፣ ብዘየገድስ እቲ ናይ ስራሕ-ዕዳጋን ከምኡ'ውን እቲ ቍጠባዊ-ኵነታትን፣ ንክሰርሑ እንተድኣ ኮይኖም፣ ንክሰርሑ ዘኽእል ፍቓድ፣ በቶም ናይ ካንቶን መንግስታዊ ትካላት ክወሃቦም ይከኣል እዩ።

**ኩሉ ብዛዕባ ስራሕን ምድላይ-ስራሕን ዝምልከት፡- www.treffpunkt-arbeit.ch**
**ሓበሬታታት ስራሕ ንዝደልዩ፡-**
**www.ch.ch/private/00054/00055/index.html?lang=de**

# ጥዕናዊ ኣገልግሎት

ብዛዕባ ርእስኹምን ስድራ-ቤትኩምን ብጥዕና ክትነብርሉ ትኽእሉ ኩነታትን፡ ተወሳኺ ድማ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ከምዘሎን፡ ሓበሬታታት ተወከሱ።
ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ዝነብር፡ ግዴታዊ ዝኾነ ናይ ሕክምና-መድሕን ወይ ድማ ኢንሹራንስ ኣብ ሓደ ናይ ሕክምና-መድሕን ማሕበር ክኣቱ ኣለዎ። ቆልዑ'ዉን ክኣትዉ ኣለዎም።
ቋንቋ ናይ ከባቢኹም ብመጠን ምኽኣልን፡ ናይ ምርድዳእ ዓቅምኻ ክብ ምባልን፡ ኣብ ጉዳይ ጥዕና'ዉን ኣገዳሲ እዩ፡

**ፈደራላዊ ሚንስትሪ ጥዕና ስፍሕ ዝበለ ሓበሬታትት ንምክልኻልን፡ ምፍዋስን ናይ ኣካላዊን፡ ስነ-ኣእምሮኣዉን ስቅያት (ሕማማት) ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ኣብ'ዚ ቀሪቡ ኣሎ።**
**www.migesplus.ch**

**ናይ ሃገር-ስዊዘርላንድ ቀይሕ-መስቀል SRK፣ ኣብ በርን፤ ዙሪክ፤ ጀነብን ሉዛንን፤ ነቶም ኣደዳ ዓመጽን ስቓይን ኵናትን ዝኾኑን፣ ኣባላት ስድራቤቶምን፣ ሕክምናውን ስነ-ኣእምሮኣዊ-ደገፍን፣ ከምኡ'ውን ምኽርን ይልግስ።**
**www.redcross.ch/de/organisation/ambulatorium-fuer-folter-und-kriegsopfer/hilfe-fuer-traumatisierte-menschen**

**እቲ ማእከል ንስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማማት Zentrum für Psychotraumatologie GRAVITA ዝበሃል ኣብ ሳን ጋለን ዝርከብ፣ ነቶም ኣደዳ ዓመጽን ስቓይን ኵናትን ዝኾኑን፣ ኣባላት ስድራቤቶምን፣ ሕክምናውን ስነ-ኣእምሮኣዊ-ደገፍን፣ ከምኡ'ውን ምኽርን ይልግስ።**
**www.gravita.ch/angebot**

# ሕብረተሰብኣዊ ውሕስነታት / መድሕናት

B F F

ሃገረ-ስዊዘርላንድ ምዕቡልን፡ ብጽቡቅ ዝተሃንጸ መርበብ ናይ ሕብረተ-ሰብኣዊ-ዉሕስነታት ኣለዋ። ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታትን፡ ከምኡ'ዉን ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ሰባትን፡ ልክዕ ከም ደቂ ስዊዘርላንድ ጽቡቅ ናይ ዉሕስነት መሰል ኣለዎም። እዚ ሕብረተ-ሰብኣዊ-ዉሕስነታት ሓደ ሰብ ስራሕ-ኣልቦነት ወይ ከኣ ስንክልና ምስ ዘጓንፎ፡ሓገዝ ይግበረሉ። ንሽምጊሎም ካብ ስራሕ ንዘተሰናበቱ ድማ፡ ጥሮታ ይወሃቦም። ንሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ኣብ ግዜ ሕርሰን፡ ዝኽፈላሉ ዕረፍቲ (Mutterschutz) ይወሃበን። ናይ በዓል-ቤት ወይ ከኣ ናይ ሓደ ካብ ወለዲ (ትሕተ-ዕድመ ዝኾኑ) ሞት ምስ ዘጋጥም፡ ጥሮታ ይኽፈሎም። ሰራሕተኛታት ምስ ትኾኑ፡ ነዚ ናይ ሕብረተ-ሰብኣዊ መድሕን ትምዉልዎ ኢኹም (ነዚ ተባሂሉ ካብ ደሞዝኩም ፍሉጥ ክፋል ይቑረጽ)። ሰራሕተኛታት ብወሃቢ ስራሕ ኣንጻር ሓደጋታትን፡ ናይ ስራሕ ሕማማትን ዉሕስነት ይግበረሎም እዩ።

**ብዛዕባ ሕብረተሰብኣዊ ውሕስነታት ብዝያዳ ኣብዚ ተመልከት፦**
**www.bsv.admin.ch/themen/index.html?lang=de**
**ኣብ እዋን ስራሕ-ኣልቦ ንውሕስነት (ኢንሹራንስ) ዝምልከት፦**
**www.treffpunkt-arbeit.ch/arbeitslos/erste_schritte**
**ተወሳኺ ውሕስነታት (ኢንሹራንስ)፦**
**www.ch.ch/private/00029/00039/index.html?lang=de**

# ቀረጽን ፍሉይ ክፍሊትን

B F F

ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ንግዜኡ ዑቅባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ 'ዉን ዑቅባ ዝተዋህቦምን፡ ከምኡ'ውን ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡን፡ ኣብ ሃገር-ስዊዘርላንድ ቀረጽ ክከፍሉ ኣለዎም። ንሶም ካብ ኩሉ ናይ ኣታዊ-ምንጭታት ይቕረጹ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ቀረጽ ቀጥታ ካብ ደሞዞም እዩ ዝቅረጽ። (ዓንቀጽ 83 ክሳብ 110 ብመሰረት ፈደራላዊ-ሕጊ ብመገዲ ፈደራላዊ ክፍሊ-ቐረጽ)። እቲ መጠን ቀረጽ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ክፈላለ ይኽእል እዩ።



---

F

ንግዜኡ ዑቅባ ዝተዋህቦም እሞ'ኻኣ ዕለታዊ ስራሕ ዘለዎም፣ በጀካ እቲ ንቡር ክፍሊታት ንሕብረተሰብኣዊ-ውሕስነታት ዝኸፍልዎ፣ ፍሉይ-ክፍሊት'ዉን ዝበሃል ክኸፍሉ ኣለዎም። እዚ ብወሃቢ-ስራሕ ብቐጥታ ካብ ደሞዞም ተቆሪጹ፣ ናብ ክፍሊ-ጉዳያት ፍሉሳት (ስደተኛታት) ይመሓላለፍ። እቲ መጠን ናይ ፍሉይ-ክፍሊት 10% ካብ ጠቕላላ ደሞዝ እዩ።

እቲ ናይ ፍሉይ-ክፍሊት ምኽፋል ግዴታ እዚ ኩነታት ምስ ዝኸሰት ጠጠዉ ይብል። ሰለስተ ዓመት ድሕሪ ግዜያዊ ዑቕባ ምዉሃብ፡ እንተደንጎየ ግን ሸዉዓተ ዓመት ድሕሪ ናብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ምምጻእ ወይ ድማ እቲ ዝለዓለ ክፍሊት ናይ 15’000 ፍራንክን ተኸፊሉ ኮይኑ።

**ሓደ መብርሂ ጽሑፍ ምስ ብዙሕ ሓበሬታታት ንግዴታዊ ፍሉይ-ክፍሊት ዝምልከት ብክፍሊ-ጒዳያት ፍሉሳት (ስደተኛታት) ተዳልዩ ኣሎ።**
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/asyl/sonderabgabe.html**

## ማሕበራዊ – ረድኤት

B F

እንተደአ ብቑጠባ ነብሶም ባዕሎም ክናብዩ ዘይኪኢሎም ወይ ዘይበቂዖም፡ ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ከም'ዉን ዑቕባ ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከም ኩሎም ዜጋታት ሃገረ-ስዊዘርላንድ ማዕረ መሰል ኣለዎም፡ማሕበራዊ-ረዲኤት ክወሃቦም ።

---

F

ናይ ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ማሕበራዊ-ረዲኤት ምዉሳድ መሰል እንተኾነ'ዉን በተን ካንቶናት እዩ ዝዉሰን። ብመሰረቱ እቲ ዝርዝራት ናይ ዓንቀጽ 80–84 AsylG ንዑቕባ ዝሓተቱ'ዉን ይምልከቶም እዩ (Art. 86 AuG)። እንተኾነ ግን ኣብ ገለ ካንቶናት እቲ ንግዜኡ ዑቕባ ዝረኸቡ ዝወሃብ ማሕበራዊ-ረዲኤት ካብቲ ነቶም ተቀባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ከምኡ 'ዉን ንግዜኡ ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታትን ዝወሃብ ሓገዝ ዉሑድ ዝበለ እዩ።

---

15

B F F

ማሕበራዊ-ረዲኤት ካብ ብቀረጽ ዝተኣከበ ገንዘብ ናይ ህዝቢ እዩ ዝምወል። እቲ መጠን ናይ ዝወሃብ ማሕበራዊ-ረዲኤት ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ኣብ ዝበዝሓ ካብቶናት እቲ ነቲ ዝወሃብ መጠን ገንዘብ ዝዉስን መምርሒ ኣብ ግብሪ ይዉዕል እዩ፡ እዚ መምርሒ እዚ ብናይ ስዊዘርላንድ ኮንፈረንስ ንማሕበራዊ-ረዲኤት (Schweizerische Konferenz für Sozialhilfe) እዩ ዝጸድቕ። በዚ ኣገባብ ድማ ርትዓዊን፡ ዉጽኢታዊን ዝኾነ ማሕበራዊ-ረዲኤት ኣብ ሃገረ-ስዊዘርላንድ ከም ዝህሉ ይትግበር።

**ተወሳኺ ሓበሬታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ:**
**http://skos.ch/sozialhilfe-und-praxis/haeufig-gestellte-fragen**

**ካብ ኩሎም ክሰርሑ ዝኽእሉ ሰባት፡ካብ ማሕበራዊ-ረዲኤት ናጻ ክኾኑን፡ ተወሳኺ ድማ ንነብሶም፡ ስድራ-ቤቶምን ክኽእሉ ትጽቢት ኣሎ።**

## ኣገደስቲ ኣድራሻታት

ናይ ካንቶን ሰበስልጣናት ንፍሉሳትን (ስደተኛታትን) ንዕዳጋ-ስራሕ ዝምልከት:
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/adressen_kantone_und.html**

ናይ ካንቶን ሰበስልጣናት ምሃብ-ዜግነት:
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/kantonale_einbuergerungsbehoerden.html**

ሰበስልጣን-ካንቶናት ንምዝገባ ዝምልከት ጉዳይ:
**www.sem.admin.ch/bfm/it/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/Adressen_Meldeverfahren.html**

ማእከል-መዘራረቢ ኣብ ካንቶናትን ከተማታትን ንምውህሃድ ብዝምልከት ጉዳይ:
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/kantonale_ansprechstellen.html**

## ካልእ ጠቓምቲ ኣድራሻታት

ሰበስልጣናት ሃገረ-ስዊዘርላንድ ኣብ መስመር (ኦንላይን):
**www.ch.ch**

ክፍሊ-ጉዳያት ፍሉሳት (ስደተኛታት) SEM:
**www.sem.admin.ch**

ፈደራላዊ ኮሚሽን ንሕቶታት ፍሉሳት (ስደተኛታት) EKM:
**www.ekm.admin.ch**




**ሕታም ሓላፍነት**

| | |
|---|---|
| ሓታሚ | Staatssekretariat für Migration SEM<br>Quellenweg 6, CH–3003 Bern Wabern |
| ኣሰናዳእቲ | Information und Kommunikation, SEM |
| ስእሊ ቅርጺ | meierkolb, Luzern |
| ስእልታት | Fabian Biasio, Luzern |
| ዝርዝር-ጽሑፋት | BBL, Vertrieb Bundespublikationen<br>CH–3003 Bern<br>www.bundespublikationen.admin.ch |

1. ሕታም 2015





እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ www.sem.admin.ch ዝብል ገጽ፣ ብመልክዕ ኤለክትሮኒካዊ-ሓበሬታ በዞም ስዒቦም ዘለዉ ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ። ጀርመን፣ ፈረንሳይ፣ ኢጣልያ፣ እንግሊሽ፣ ዓረብ፣ ትግርኛ፣ ኩርዲስታን፣ ቲበት፣ ፋርስ፣ ታሚል፣ ሶማልያ፣ ከምኡ'ውን ሰርብያ/ክሮኣስያ/ቦስንያን

www.sem.admin.ch